# IPSWICH ናይ ጥዕና መምርሒ




*Tigrinya*

**Ipswich Health Guide**

Published by
**Access Community Services**
2/9 William St
Goodna 4300
Phone 07 3412 8222
www.accesscommunity.org.au

Author
**Vanessa Aldridge**
West Moreton Refugee Health Nurse
Access Community Services

This document was produced with funding from the Darling Downs West Moreton Primary Health Network.

The information in this document reflects the most current information available to Access Community Services at the time of publication. The information in this document also reflects the most relevant information to the West Moreton Region at the time of publication.

All care was taken to accurately translate this document from English. If there are any concerns with the translation please contact Access Community Services.

# TABLE OF CONTENTS


ግላዊ ሓብሬታ . . . . . . 4

መግለጺ . . . . . . 6

መዝገበ ቃላት . . . . . . 7

መምርሒ QR ኮድ . . . . . . 8

ዝውቱር መስርሕ ጥዕናዊ መርመራ . . . . . . 9

ክታበት . . . . . . 12

ጀረጃ ጥዕናዊ ክንክን . . . . . . 13

ተኣሳሳሪ ጥዕናዊ ክንክን . . . . . . 16

ኣገልግሎት ህጹጽ ረድኤት . . . . . . 23

ናይ ህጹጽ ረዲኤት ኣፕ Emergency Plus app . . . . . . 24

ኣገባብ ቆጸራ ምስ ሓኪም . . . . . . 25

እገልግሎት ሓኪም ገዛ Home doctor service . . . . . . 29

ሓገዝ ኣብ እዋን ቅልውላው . . . . . . 30

ግብእን ሓላፍነትን ውሃብቲ ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ ኣውስትራልይ . . . . . . 31

ኣገልግሎት ጽሑፍን ዘረባን ምትጓም . . . . . . 32

መዲኬር Medicare . . . . . . 33

ካርድ ክንክን ጥዕና Health care card . . . . . . 33

ርእይቶ ምሃብ . . . . . . 34

ባህላውያን ልምድታት . . . . . . 36

ብተደጋጋሚ ዝልዓሉ ሕቶታት . . . . . . 37



# ግላዊ ሓብሬታ

Name

**ስም፥** ..........................................

Address

**ኣድራሻ፥** ..........................................

..........................................

..........................................

Phone

**ቁጽሪ ተለፎን፥** ..........................................

Family Members

**ኣባላት ስድራ**

..........................................

..........................................

..........................................

..........................................

..........................................

..........................................

..........................................

..........................................

..........................................

..........................................

GP Name

**ሰም ሓፋሻዊ ሓኪምካ/ኪ፡** ........................................................

Medical Centre

**ስም ማእከል ጥዕና:** ........................................................

Phone

**ቁጽሪ ተለፎን፡** ........................................................

Address

**ኣድራሻ ማእከል ጥዕና፡** ........................................................

........................................................

Preferred Language

**ቀንዲ ትጥቀምሉ ቛንቛ፡** ........................................................

Additional Languages

**ካልኦት ትጥቀምሎም ቛንቛታት፡** ........................................................

........................................................

........................................................

# መግለጺ

ክፍሊት፡ ሕክምናዊ ኣገልገሎት ብውልቃዊ ክፍሊት የመልካት

መወከሲ፡ ካብ ሓኪም መወከሲ ወረቐት ከምዘድሊ የመልካት

መዲከር ዝሸፍኖ፡ መዲኬር ካርድ እንተሃሊኩም ናይ ሕክምና ወጻኢታትኩም ብመንግሰቲ ኣውስትራልያ ክኸፈል ምኻኑ የመልክት

ክንክን ጥዕና ካርድ፡ እቶትኩም ካብ ሰንተርሊንክ ምስ ዝኸውን፣ ካርድ ጥሮታ ወይ ካርድ ክንክን ጥዕና ክውሃበኩም እዮ። እዚ ካርድ'ዚ ናጻ ኣገልገልት ጥዕና ከምትረኽቡ የመልክት።

ዝተድጎመ ናይ ጥዕና ካርድ፡ ኣብ ገለ እዋን ትሑት ክፍሊት ዝሓትት ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ኣሎ። እዚ ዝተድጎመ ናይ ጥዕና ካርድ ምስዝህልውኩም ንገለ ክፍሊት ክሸፍነኩም ከሎ፣ ዝተረፈ ክፍሊት ግን ክትከፍሉ ምኻንኩም የመልክት።

ናጻ ኣገልግሎታት፡ እዚ ክፍሊት ዘይድልዮ ኣገልግሎታት ጥዕና ማኻኑ የመልክት

መዲከር  ዝሸፍኖ ምስ ገለ ክፍሊት፡ ኣብ ገለ  እዋን ትሑት ክፍሊት ጥራሕ ዘድልዮ ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ኣሎ። እዚ ምልከት ዘለዎ ካርድ ምስዝህልውኩም ንገለ ክፍሊት ክንክን ጥዕና መጺኬር ክሸፍነልኩም ከሎ፣ ዝተረፈ ክፍሊት ግን ክትከፍሉ ምኻንኩም የመልክት።


# መዝገበ ቃላት

| ENGLISH VOCABULARY | TRANSLATION ትግሪኛ |
|---|---|
| Health | ጥዕና |
| Doctor | ሓኪም |
| Nurse | ነርስ |
| Medical Centre/Clinic | ማእከል ጥዕና |
| Blood Test | መርመራ ደም |
| Xray | ኤክስረይ |
| Referral | መወከሲ ወረቐት |
| Specialist | ፍሉይ ክኢላ ሕክምና |
| Hospital | |
| Immunisation | ክታበት |
| Child Health | ጥዕና ህጻን |
| Dentist | ሓኪም ስኒ |
| Appointment | ቆጸራ |
| Interpreter | ኣተርጓሚ/ሚት |
| Consent | ፍቃድ ምሃብ |
| Pharmacy | ቤት-መድሃኒት |
| Emergency | ናይ ሓደጋ/ህጹጽ እዋን |
| Health Assessment | ጥዕናዊ ገምጋም |
| Care Plan | ውጥን ጥዕና |
| Prescription/ script | ትእዛዝ መድሃኒት |
| Abnormal | ዘይልሙድ |
| Medication | መድሂኒት |
| Allergy | ቑጥዔ/ኣለርጂ |
| Pain | ቃንዛ |
| Infection | ረኽሲ |
| Disease | ሕማም |
| Injury | መጉዳእቲ |
| Ultrasound | ኣልትራሳውንዲ |

Tigrinya

# መምርሒ QR ኮድ

እዚ መጽሓፍ'ዚ ብዙሕ ኪው.ኣር (QR) ኮድ ዝሓዘ'ዩ። ኣብ Google Play ወይ App Store "QR scanner and Barcode Reader" ዝብል ኣፕ ኣውርዱ።




ANDROID APP ON Google Play

Download on the App Store

እዚ ምስገበርኩም፡ እቲ ዘውረድክሞ ኣፕ ናብቲ ትደልይዎ ማዕከን መርበብ
ሐበሬታ ክመርሓኩም እዩ።



# ዝውቱር መስርሕ ጥዕናዊ መርመራ

1. ኣብ ኣውስትራልያ ምስ በጻሕኩም፡ ታሪኽን ኩነታት ጥዕናኹም ንምፍላጥን ናብቲ ዝግብኣኩም ሓኪም ከመሓላልፍኹምን ንጥዕና ስደተኛታት ዝከታተሉ/ላ ነርሳት ንኹነታት ጥዕናኹም ዝምልከት ሕቶታት ክትሕተቱ ኢኹም።

2. ናይ መጀመርያ ቆጸራ፡ ድሕሪ ኣፈናዊ ገምጋም ኩነታት ጥዕናኹም ምክያዱ፡ ምስ ሓፈሻዊ ሓኪም ትራኽብሉ ናይ ፋለማ ቆጸራ ማለት ዕለት፡ ስዓት፡ ቦታን ብመንገዲ ንጉዳይኩም ዝከታተሉ/ላ ጽሓፊቲ ክሕበረኩም እዩ።

3. ናብ ክሊኒክ ብሳላም ምጹ፡ ኣብቲ ክሊኒክ ማለት ቦት ቆጸራ ምስ በጻሕኩም ነቲ/ታ ተቐባል/ሊት ጋሻ ስምኩም ሓብሩ፣ ናይ ቋንቋ ሕጽረት ምስዝህልወኩም ናይ ምትርጓም ኣገልግሎት ሕተቱ።

4. ምኽሪ/ምይይጥ፡ ተራኹም ምስ በጽሔ ሓኪም ብስምኩም ጸዊዑ/ዓ ናብ መመርመሪ ክፍሊ ክትምርሑ ኢኹም። ናይ ቋንቋ ሕጽረት ምስዝህልወኩም ናይ ምትርጓም ኣገልግሎት ሕተቱ።

5. ገምጋም ጥዕና፡ ንኩነታት ጥዕናኹም ንምግምጋም፣ ንጥዕናዊ ኩነታትኩም ዝምልከት ሕቶታት ክትሕተቱ ኢኹም። ንኩነታት ጥዕናኩም ብኣሉታን ኣወንታን ዝጸልው ባእታትት ንምልላይ፡ ንኩነታት ጥዕናኩም ዝምልከት ትፈልጥዎ ሓበሬታ ንሓኪምኩም ሓብሩ። ከምቲ ልሙድ ሓኪም ኣብ ዓራት በጥ ኣቢሉ/ላ ናይ ልቢ፥ ሳንብእ፥ ከብዲ ምርመራ ክገብሩልኩም ዝክኣል'ዩ።

6. ፍሉይ መርመራ፡ ሓፈሻዊ ሓኪምኩም ፍሉይ ክኢላ ሓኪም ክትርኣዩ ኣድላዪ ምስዝኸውን፥ ናብቲ ትርኣይሉ ሆስፒታል ዳብዳቤ ክሰደደልኩምን ቅዳሕ ናይቲ ዳብዳቤ'ውን ክውሃበኩም እዩ። ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ገጽ 14 ተመልከቱ።

7. ተወሳኺ ምርመራ፡ ዎላ ዝኾነ ናይ ሕማም ምልክት ኣይሰማዕኩም፥ ናይ ሰነ-ሕማም መርመራ እቲ ዝሓሸ መንገዲ ንሕማም መፍለጢ ሰለዝኾነ ዘድሊ እንተኮይኑ ኣብ ሆስፒታል ናይ ላቦራቶሪ መርመራ እንተተኣዚዝልኩም ናይ ደም፡ ቀልቀል፡ ሽንቲ፡ ምርመራ ክትገብሩ ዝክእል እዩ። ንተውሳኺ ሓበሬታ ኣብ ገጽ 17 ተመልኩቱ። ናይ ስደታኛታት ነርስ ወይ ሓፈሻዊ ሓኪም ገምጋም ጥዕናኹም ድሕሪ ምግባር ናብ ናይ ሰኒ ሓኪም፡ ናይ ህጻናት ሕክምና ወይ ውን QPASTT ከማሓላልፈኩም ዝክኣል'ዩ።

8. ክታበት፡ ድሕሪ ናይ ደም መርምራ ኣብ ሓፈሻዊ ሓኪም ተመሊስኩም ኣድላዪ ምስዝኸውን ፋላሚ ናይ ክታበት መስርሕ ክትጅምሩ ዝክኣል'ዩ።

9. ናይ ደረትን ቲቢን መርመራ፡ ገለ ሃገራት ዝልዓለ ናይ ቲቪ መልከፍቲ ሰለዘለወን ከም መስርሕ ንኣውስትራልያ ምጥያስኩም ናይ ቲቪ መርመራ ክትገብሩ ናይ ግድኒ'ዩ። ናይ ስደታኛታት ጥዕና ዝከታተሉ/ላ ነርስ ወይ ሓፈሻዊ ሓኪም ነዚ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ክትረኽብሉ እትክእሉ ማእከል ጥዕና ከመሓላልፍኹም እዮም። ነዚ ንምግባር ንዓኩምን ነቶም ንጉዳይኩም ዝከታተሉ ኦፊሰራት ናይ ማዓልትን ሰዓትን ቆጸራ ክሕበረኩም'ዩ። ነቲ ዝተግበረልኩም ቆጸራ ክትከታተሉ ናይ ግድን እዩ።

ቀደማይ ቆጸራ፡ ኣብ ኢድኩም መርፍእ ክትውግኡ ኢኹም።
ካልእይ ቆጸራ፡ ሕማም ቲቪ ከምዘለኩምን ዘይብልኩምን ዝውሰነሉ መርመራ እግበር።

# ROUTINE PROCESS FOR REFUGEES




RECEPTION
ሓፈሻዊ ሓኪም
ሓፈሻዊ ሓኪም
ስነ-ጥዕናዊ መርመራ
HOSPITAL
HOSPITAL


# ክታበት

ክታበት ንብዙሓት ሕማማት ብምጽናት ንማሕበረኮማትን ንዝመጽእ ወለዶታትን ካብ ሕማም ክከላኸል ዝክእል መስርሕ ክንክን ጥዕና'ዩ። ብምኽሪ ናይ ሓፈሻዊ ሓኪም ብዙሓት ሕማማት ብኽታበት ክንከላኸሎም ንኽእል። ኣብ ኣውስትራልያ ኩሎም ህጻናት ብመንግስቲ ዝምወል ክታበት ክረክቡ እክኣል።

ኩሎም ትሕቲ 19 ዝዕድሚኦም ህጻናትን መንእሰያትን ክኸተቡ ኣለዎም። እቲ ካብ መንግስቲ ዝውሃቦም ክፍሊት መታን ከይድንጉ፡ ነቲ ሓኪም ዝኣዘዘሎም ክታበት፡ ኣብ ኣውስትራልያ ካብ ዝኣተወሉ ምዓልቲ ኣብ ውሽጢ 63 ምዓልታት ጀሚሮም ኣብ ውሽጢ 6 ወርሒ ክውድእዎ ኣለዎም። እቲ ዝተኣዘዘሎም ክታበት ብዝተወሰነ መስርዕ'ዩ ዝውሰድ ማለት ሓደ ዝዓይነቱ ክታበት ኣብ ወርሒ'ዩ ዝውሰድ። ወላ እቲ ካብ መንግስቲ ዝረኽብዎ ክፍሊት እንተ ተተንከፈ እቲ ክታበት ኣቐዲምካ ወይ'ውን ኣብዘይ ጊዜኡ ክውሰድ ኣይካኣልን'ዩ። ሓኪም ናይ ዝቐጽል ክታበት ግዜኡ ምስ ኣኸለ ኣብ ተለፎንኩም መዘኻኸሪ መልእኽቲ ክሰድልኩም እዩም። ነቲ ዝቐጽል ክታበት ድልዋት ምዃንኩም ንምርግጋጽ በቲ ካብ ሓኪም ዝመጸኩም ምስመር ምልእክቲ ተጠቂምኩም ቆጸራ ሓዙ።

ኣብ ኣውስትራልያ ስደተኛታት ኮንኩም ዝመጻእኩም ልዕሊ 19 ዝዕድሜኩም ነቲ ብመንግስቲ ዝምወል ክታበት ብቑዓት ክትኮኒ ትኽእሉ ኢኩም። እንተኮነ ግን ዕድሜኹም ካብ 19 ዓመት ንላዕሊ ምስትኾኑ ክታበት ምስቲ ብመንግስቲ ዝውሃበኩም ክፍሊት ዝተሓሓዘ ኣይኮነን።

**Scan the QR code to access more information**




ANDROID APP ON Google Play

Download on the App Store

You can download the app
"Vaccidate" to help stay on track

# ጀረጃ ጥዕናዊ ክንክን

### ተራ ሓፍሻዊ ሓኪም

ሓፈሻዊ ሓኪም ወይ ናይ ስድራ ሓኪም ዝብሃል ዝኾነ ናይ ጥዕና ጸገም ምስዘጋጥመኩም እትውከስዎ ሓኪም እዩ። ሓፈሻዊ ሓኪም ስፊሕ ናይ ሰነ-ጥዕና ኣፍልጦ ዘለዎም ንህዝቢ ጥዕናዊ ኣገልግሎት ዝህቡ ናይ ጥዕና ሰብ-ማያ እዮም ። ካብ ሕጻናት ክሳብ ኣረጋውያን ንዘጋጥም ጥዕናዊ ጸገማት ኣብ ምፍታሕ ዓቢ ተራ ዝጻወቱ ሰለዝኾኑ ሓፈሻዊ ሓኪም ወይ ናይ ስድራ ሰብ-ሞያ ጥዕና ተባሂሎም እፍለጡ።

ተራ ፈሻዊ ሓኪም ኩነታት ጥዕና ወዲሰብ ንምግምጋም ዝበቅዕ ናይ ጥዕና ሓበሬታ ምእካብን ውልቃዊ ውጥን ክንክን ጥዕና ኣብ ምድላውን እነጥፉ። ካብቲ ዝኣከብዎ ጥዕናዊ ሓበሬታ ተመርኺሶም መድሃኒት እእዝዙ ወይ'ውን ንተወሳኺ ሕክምናዊ መርማራ ናብ ፍሉይ ናይ ጥዕና ክኢላ እሰዱ። ሓፈሻው ሓኪም ነቲ ዝስምዓኩም ጥዕናዊ ጸገማት ኣብ ገዛ ክትከናኸንዎ እገብሩ ውይ'ውን ናብ ካልእ ንጥዕና ወዲሰብ ዝከታተሉ ሰብ-ሞያ ጥዕና ክሰድኹም እኽእሉ ።

**እዞም ዝስዕቡ ጥዕናዊ ኩነታት ምስዘጋጥሙ ንሓፈሻዊ ሓኩም ተወከሱ**

- ከቢጽ ዘይኮነ መጉዳእትን ሕማምን ምስዘጋጥመኩም። ከቢድ መጉዳእትን ሕማምን ምስዘጋጥመኩም ግን 000 ብምድዋል ኣገልግሎት ኣምቡላንስ ሕተቱ።
- ምኽሪ ኩነታት ጥዕናኩም ምስእትደልዩ
- መድሃኒት ክእዘዘልኩም ምስእትደልዩ
- ቀጻሊ ሕክምናዊ ክንክን ዘድልዮ ሕምም ከም ብዓል ሕምም ሽኮር ምስዝህልወኩም
- ክታበት ምስእትደልዩ
- ቀጻሊ ምክታትል ዝጠልብ ካም ብዓል ጸቕጢ-ደምን ሕማም መንሽሮን ምስዝህልወኩም
- ጥዕናዊ ክንክን ነብሰ-ጾር ምስዘድልየክን
- ክንክን ምዕባለ ውይ ኣተዓባብያ ህጻናት ምስእትደልዩ
- ካብ ሓደ ውርሒ ዝቕጻል ስምዒታት ጸቕጥን ባህ ወይ ሕጉስ ዘይምኻን ሃዋህው ጥዕና ምስዘጋጥም
- ናይ ጥዕና ሰርቲፊኬት ካብ ትምህርቲ ውይ ስራሕ ክትበኽሩ ምስትደልዩ

**ክፍሊት ንሓፈሻዊ ሓኪም (ብጥርኑፍ ዝክፈል ምኻኑ እንተ ተጠራጢርኩም ንሓኪም ተወከሱ)**

መዲኬር ዝሽፍኖ፡ መዲኬር ካርድ እንተሃሊኩም ናይ ሕክምና ወጻኢታትኩም ብመንግስቲ ኣውስትራልያ ክኽፈል ምዃኑ የመልክት

መዲኬር ዝሽፍኖ ምስ ገለ ክፍሊት፡ ኣብ ገለ እዋን ትሑት ክፍሊት ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ኣሎ። እዚ ምልከት ዘለዎ ካርድ ምስዝህልውኩም ንገለ ክፍሊት ክንክን ጥዕና መጺኬር ክሽፍነልኩም ከሎ፣ ዝተረፈ ክፍሊት ግን ክትከፍሉ ምዃንኩም የመልክት።

ዝተድጎመ ናይ ጥዕና ካርድ፡ ኣብ ገለ እዋን ትሑት ክፍሊት ዝሓትት ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ኣሎ። እዚ ዝተድጎመ ናይ ጥዕና ካርድ ምስዝህልውኩም ንገለ ክፍሊት ክሽፍነኩም ከሎ፣ ዝተረፈ ክፍሊት ግን ክትከፍሉ ምዃንኩም የመልክት።

## ተራ ካባብያዊ ማእካል ጥዕና

1. ማእከል ጥዕና ኢፒስዊች ቀንዲ መወከሲ ማእከል ጥዕና'ዩ
2. ማእከል ጥዕና ወራሲት-ዓራት ኣለክሳንድራ
3. ማእከል ጥዕና ህጻናት ኹንስላንድ



ህጹጽ ዘይኮነ ጥዕናዊ ጸገም ምስዝህልወኩም ብመንገዲ ሓፈሻዊ ሓኪም ናብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ማእከላት ጥዕና ከተመሓላለፉ እኪም።

- **ኣብ ሆስፒታል ምድቃስ ዘይደሊዮ ክንክን ጥዕና**

  ሓፈሻዊ ሓኪም ናብ ፍሉይ ክኢላ ሕክምና ምስዝውከሰኩም፡ ናብዘን ኣብ ላዕሊ ተጠቒሰን ዘለዋ ማእከላት ጥዕና ኢኩም ትርኣዩ። ቆጽራ ንእትርኣይሉ ማእከል ጥዕና፡ ምዓልትን፡ ስዓትን ብደብዳቤ ክሕበረኩም'ዩ። ነቲ ዝመጸኩም መልእኽቲ ክትርድእዎ እንተዘይኪኢልኩም፡ ንሓፋሻዊ ሓኪም ወይ'ውን ንጉዳይኩም ዝከታተሉ ወኪል ስደታኛታት ተወከሱ። ናቲ ዝተገብረልኩም ቆጸራ ምስዘይትምልስሉ እቲ ዝተዋህበ ቆጸራ ሰለዝሓልፍ ከምብሓድሽ ቆጸራ ንምሓዝ ናብ ሓፈሻዊ ሓኪም ተመለሱ።

- **ስምምዓዊ ምጥባሕቲ**

  ኩነታት ጥዕናኩም መጥባሕቲ ዘድልዮ ምስዝኸውን ኣብ ሓንቲ ካብዛን ኣብ ላዕሊ ተጠቒሰን ዘለዋ ማእከላት ጥዕና ናይ መጥባሕቲ ቆጸራ ክትሓዘልኩም እዩ። ኩለን ማእከላት ጥዕና ነናተን ናይ መጥባሕቲ ቆጸራ ኣገባብ ኣለዎን፡ ኣብ ገለ እዋን እቲ ቆጸራ ኣዝዩ ናዊሕ ጊዜ ዝወሰድ ክኸውን እኽእል እዩ። ንኩነታት ጥዕናኩም ዝምልከት ደብዳቤ ካብ ሓፈሻዊ ሓኪም ናብ ማእከል ጥዕና ምስ ተላእከ፡ ካብ 1-3 ጉጅለ ዝስራዕ ናይ መጥባሕቲ ቆጻራ ከምዝተሓዝኣልኩም ደብዳቤ ክስደደልኩም እዩ።

  ጉጃለ 1: ህጹጽ ጥዕናዊ ኩነታት ሃሊኩም ኣብ ውሽጢ 1 ወርሒ ናብ ፍሉይ ክኢላ ክትቀርቡ ምኻንኩም የመልክት

  ጉጅላ 2: ከፊላዊ-ህጹጽ ኩነታት ጥዕና ሃሊኪም ኣብ ውሽጢ 3 ወርሒ ናብ ፍሉይ ክኢላ ክትቀርቡ ምኻንኩም የመልክት

  ጉጅለ3: ዘይጓዳእ ጥዕናዊ ኩነታት ሃሊኩም ኣብ ውሽጢ 1 ዓመት ናብ ፍሉይ ክኢላ ክትቀርቡ ምኻንኩም የመልክት። ኩነታት ጥዕናኩ እናገደደ ምስዝመጽእ ግን ንሓፋሻዊ ሓኪም ምውካስ እክእል።

m

- **ኣገልግሎት ህጹጽ ረዲኤት**
  ኣብ ኣውስትራልያ ክፍሊ ኣገልግሎት ህጹጽ ረዲኤት ብሰንኪ እቶም ህጹጽ ረዲኤት ዘይድልዮም ግን ኣገልግሎት ህጹጽ ረዲኤት ዝጠልቡ ሰባት መብዛሕትኡ እዋን ትሑዝ እዩ። ነዚ ኩነታት ንምቅላል ክፍሊ ኣገልግሎት ህጹጽ ረዲኤት ኣብ ክንዲ ብመን መንቀደመ ብምዱብ ኣገቡብ'ዩ ኣገልግሎት ህጹጽ ረዲኤት ዝህብ።

**ምድብ** 1: ቅጽበታዊ ሕክምናዊ ረዲኤት ዘድልዮም ንሂወት ዝትንክፍ መጉዳእቲን ሕማምን ከም ቃጸሎ -ሓዊን ብርቱዕ መድመይትን ቀዳምነት ኣገልግሎት ህጹጽ ረዲኤት እዋሃባም

**ምድብ** 2፡ ካልኣዊ ቅጽበታዊ ረዲኤት ዘድልዮም ከም ጎንጺን ሕጽረት ትንፋስን ዝኣመሰሉ ኣብ ውሽጢ 10 ደቂቕ ኣገልግሎት ህጺጽ ረዲኤት ክረኽቡ ኣለዎም።

**ምድብ** 3: ሳልሳዊ ህጹስ ረዲኤት ዘድልዮም መጉዳእቲን ሕማምን ከም መስበርቲ ኣብ ውሽጢ 30 ድቒቕ ኣገልግሎት ህጺጽ ረዲኤት ክረኽቡ ኣለዎም

**ምድብ** 4: ትሑት ጉድኣት ዝስዕብ ሓዳጋን መጉዳእቲን

**ምድብ** 5: ቅጽበታዊ ረዲኤት ዘየድልዮም ከም ቁርን ረስንን

ኩነታት ጥዕናኩም ኣብ ምድብ 4 ን 5 ምስዝኸውን ኣብ ውሽጢ 2 ስዓት ኢኩም ናይ ህጺጽ ረዲኤት ኣገልግሎት ትረኽቡ። ዕላማ ናይዚ ኣብ ላዕሊት ዝተጠቕሰ ናይ ኣገልግሎት ህጹጽ ረዲኤት ምድብ ንኩሉ መጉዳእቲን ሕማምን ዝጓነፎ ሰብ ኣብ ዝግብኦ እዋን ናይ ህጺጽ ረዲኤት ሓገዝ መታን ክረክብ'ዩ።

ተውሳኺ ኣገልግሎት ህጹጽ ረዲኤት ክርከበሉ ዝኽእል ኣማራጺታት


m

•13432584 ብምድዋል ኩነታት ጥዕናኩም ንኣገልግሎት ህጹጽ ረዲኤት ወይ ንሓፈሻዊ ሓኪም ዝምልኽት ምኽሩ ንብዓል ማያ ጥዕና ተወከሱ።
•ናይ ገዛ ዶክተር (ተውሳኺ ሓበሬታ ኣብ ገጽ 29)፡ ሓፈሻዊ ሓኪም ኣብዘይህልውሉ፡ ናይ ገዛ ሓኪም ኣብ ገዛኹም ብምምጻእ ህጹጽ ንዘይኮነ ኩነታት ጥዕና ሓገዝ እገብሩ።

m

•ሓፈሻዊ ሓኪም፡ ቆጸራ ብምግባር ንሓፈሻዊ ሓኪም ተራኣዩ (ተውሳኺ ሓበሬታ ኣብ ገጽ 25)
•ቤት መድሃኒት: ንኡስ ዝኮነ ናይ ቆርበት ስሓ፣ ረስኒ፣ መርዘን፡ ውጽኣት፡ ድርቐት ምስዘጋጥም ንቤት መድሃኒት ብጽሑ

# ተኣሳሳሪ ጥዕናዊ ክንክን



## ሓኪም ስኒ

ፍሉይ ክኢላ ሕክምና ኮይኑ/ና ኣብ ኣፍን ኣስናንን ንዘጋጥም ሕማማት ዝሕክሙን ዝከናኸኑን ጥዕናዊ ምክሪ ዝህብን ሰብ ሞያ ጥዕና እዮም።

ምስ ምዕራብ ሞርተን ሕክምና ሰኒ ቆጸራ ሓዙ (1300300850) ። ናይ ክንክን ሕክምና ካርዲ የድሊ

ናይ ክንክን ሕክምና ካርዲ እንተዘይብልኩም፣ ኣብ ናይ ብሕታዊ ሓኪም ሰኒ ብወጻኢታትኩም ተራኣዩ። መብዛሕቱ ግዜ ናይ ብሕቲ ሓኪም ሰኒ ኣብ ከባቢ ሕክምና ሓፈሻዊ ሓኪም'ዩ ዝርከብ.

ብመንግስቲ ኩንስላንድ ንትሕቲ 17 ዓመት ዝዕድምኦም ሰባት ኣብ ክልተ ዓመት ክሰብ 1000ዶላር ንሕክምና ሰኒ ኣብ ናይ ብሕቲ ወይ ህዝባዊ ሕክምና ክሕከሙ እፍቀደሎም'ዩ።

---

## መርመራ ሰነ-ሕክምና

ድሕሪ ኣፈናዊ ጥዕናዊ ገምጋም ምግባርኩም፡ ካብዞም ኣብ ታሕቲ ዘለዎ ምልክታት መርመራ ሰነ-ሕክምና ዝገብሩ ትካላት ምልክት ዘሎዎ ደብዳቤ ክውሃበኩም እዩ።

ነቲ ዝተዋህበኩም ደብዳቤ ናብ ሓደ ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቅሱ ውሃብቲ ኣገልግሎት ሰነ-ሕክምናዊ መርመራ ውሰድዎ። ንምሳሌ ምልክት ናይ Medlab ዘለዎ ደብዳቤ ምስዝውሃበኩም ግን QML Pathology ኣብ ከባቢ መንበሪ ገዛኩም ምስዝህሉ ነቲ ደብዳቤ ናብ QML Pathology ክትወስድዎ እክኣል። እቲ ደብዳቤ ናይ ደም፥ ሽንቲ፥ ቀልቀል መረመራ ክትገብሩ'ዩ ዝውሃበኩም። ክኢላ ሰነ-ሕክምንዊ መርመራ ንቅሶም መውሰዲ ዝኸውን ኣቓሓ ክህብኹም እዮም። ቅምሶ ሽንቲ-ማይ ኣብ ፍርቂ እቲ ዝተዋህበኩም ኣቅሓ ውሰዱ። ንቅምሶ ቀልቀል ግን በቲ ኣብቲ ኣቅሓ ዘሎ መውሰዲ ቅምሶ ማንካ ገርኩም ተጠቀሙ። እዚ ንመመርመሪ ዝኸውን ቅምሶ ኣብ ገዛ ወይ ኣብቲ ማእከል ጥዕና ዝርከብ ቤት-ንጽሕና(ሽቓቕ) ክውሰድ እክእል። እቲ ቅምሶ ኣብ መንበሪ ገዛኹም ምስትወስድዎ ብዝቐልጠፈ ናብ ክፍሊ ሰነ-ሕክምናዊ መርመራ ውሰድዎ። እንተኮነ ግን እቲ ቅስሞ ካብ 24 ስዓት ንላዕሊ እንተጸኒሑ ትክክለኛ ውጽኢት ሰለዘየመልክት ካልኣይ ግዜ ቅስሞ ምውሳድ ከድልየኩም እዩ።

ናይ ላቦራቶሪ ሕክምናዊ መርመራ ብናይ ሓኪም ትእዛዝ ጥራሕ'ዩ  ዝካይድ

## ራጂ

ድሕሪ ኣፈናዊ ጥዕናዊ ገምጋም ምግባርኩም፣ ካብዞም ኣብ ታሕቲ ዘለዎ መርመራ ሪጂ ዝገብሩ ትካላት ምልክት ዘሎዎ ደብዳቤ ክውሃበኩም እዩ።

Exact Radiology Clinics · Qscan Radiology Clinics · QueenslandXRay · Queensland Diagnostic Imaging · I-MED Radiology Network

ነቲ ዝተዋህበኩም ደብዳቤ ናብ'ቲ ኣብቲ ደብዳቤ ተመልኪቱ ዘሎ፣ ሓደ ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ መርመራ ሪጂ ዝገብሩ ትካላት ውሰድዎ። ንምሳሌ ምልክት ናይ Exact Radiology ዘለዎ ደብዳቤ ምስዝዋሃበኩም ግን ክኣ I-MED Radiology ኣብ ከባቢኹም ምስዝህሉ ነቲ ደብዳቤ ናብ I-MED Radiology ክትወስድዎ እክኣል እዩ። ኣብ መርመራ ሪጂ ከከም ኣድላይነቱ ካብዞም ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ዘለዉ መርመራ ክትገብሩ ኢኹም።

- MRI - ኢ.ም.ኣር.እይ
- Xray - ኤክስ ረይ
- Ultrasound - ኦልትራ ሶውንድ
- CT scan - ስቲ. እስካን

መባዝሕትኡ እዋን ክፍሊት መርመራ ራጂ ብመዲኬር ሰለዝሽፈን ገላ ካብዞም ኣገልግሎት ሪጂ ዝህቡ ትካላት ክትከፍሉ ምስ ዝሓትኹም ቅድሚ ምኽፋልኩም ንሓኪምኩም ተወከሱ

ክፍሊት ራጂ ብኡ ሰለዝወሰን ሓኪም ምክንያት መርመራ ሪጂ ኣብቲ ደብዳቤ ተነጺሩ ኣሎ። ኣብ መብዛሕትኡ እዋን ኤክስ ረይ (Xray) ን ኦልትራ ሶውንድ (Ultrasound) ብመዲኬር'ዩ ዝክፈል

ናይ ሪጂ መርመራ ብናይ ሓኪም ትእዛዝ ትራሕ'ዩ ዝካይድ።

---

## ነርስ ህጻናት

ኣብ ምምሕዳር ካባቢ ኢፒስዊች ንህጻናትን ወለዶምን ዝተፈላለየ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ዝህባ ብዙሕት ማእከል ጥዕና ህጻናት ኣላዋ። ካብ 5 ዓመት ንታሕቲ ዝዕድሚኦም ህጻናት ናይ ሰደተኛታት ነርስ ንኣፈናዊ ጥዕናዊ መርመራ ንምክያድ ናብ ማእከል ጥዕና ህጻናት ክመርሑ እዮም። ዕላማ'ቲ ንህጻናት ዝግበር መርመራ ህጻናት ዝኮነ ጥዕናዊ ጸገም ከይህልዎም ምፍላጥን እንተሃሊዎም ክአ መሰረታዊ ጥዕናዊ ኣገልግሎት ክግበረሎምን ዝሕግዝ እዩ። እቶም ነርስ ህጻናት ናይ ህጻናት ጣባይ፥ ናይ ምንቅስቓስ ክእለቶም፥ ናይ ምዝራብ ክእለቶም፥ ኩነታት ጥዕና ኣስናንን ኣመጋግባን ገምጋም ክገብርሎም እዮም። ከምኡውን ኩነታት መነባብሮ እቲ ሰድራቤት ንምፍላጥ ሕቶታት ክሓቱኹም እዮም። ናይ ህጻናት ማእከለት ጥዕና ምስ እትደልዩ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ኣምርሑ፥

Ipswich Health Plaza
21 Bell St, Ipswich

Goodna Community Health Centre
81 Queen St, Goodna

## ፋርማሲ

ኣብ ኣውስትራልያ ካብ ሓኪም ብቐጥታ መድሃኒት ክትረክብ ኣይክኣልን'ዩ። ሓኪም እንታይ ዓይነት መድሃኒትን ብኸመይ ኣገባብ ከምትጥቀመሉን መግለጺ እዮም ዝህቡ። ሓኪም ናይ መድሃኒት መኣዘዚ ወረቐት ምስዝሁብኹም ናብ ቤት መድሃኒት ብምኻድ ዝተኣዘዘልኩም መድሃኒት ክትዕድጉ ትክእሉ። መብዛሕትኡ ግዜ ቤት መድሃኒት ኣብ ካባቢር ሓፋሻዊ መደበር ጥዕና እዩ ዝርከብ።  ኣብ ኣውስትራልያ መድሃኒት ብጥብቂ ቁጽጽር ሰለዝግበረሉ ብዘይ ናይ ሓኪም መድሃኒት መኣዘዚ ወረቐት ብውልቅኹም ካብ ቤት መዳሃኒት ብዙሕ ዓይነት መድሃኒት ክትዕድጉ ኣሸጋሪ እዩ።  ነቲ ዝተኣዘዘልኩም መድሃኒት ኣብ ትዕድግሉ እዋን ክኢላ ሰነ-መድሃኒት ንኣገባብ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ብንጹር ክሕብረኩም እዩ። ብዘየገባቡ መድሃኒት ምውሳድ ከቢድ ሳዕቤን ሰለዘለዎ አቲ ዝውሃበኩም ሓበሬታ ኣጠቓቕማ መድሃኒት እንተዘበሪሂልኩም ብትርድእዎ ቛንቋ ክትርጎመልኩም ሕተቱ።  ክኢላ ሰነ-መድሃኒት ጃንጃዊ (ሓፈሻዊ) መድሃኒት ማለት ብግሊ ዘይውነን ሕስር ዝበለ መድሃኒት እንተትደልዩ ኮንኩም ክሓትኹም እዮም።

ናይ ጥዕና ክንክን ካርድ (Health Care Card) ምስዝህልወኩም መብዛሕትኦም ጃንጃውያን መድሃኒታት ብመንግስቲ ድጎማ ሰለዝግበረሎም ሕስር ዝበሉ እዮም። እንተኾነ ግን ውሑድ ተወሳኺ ገንዘብ ክትከፍሉ እኺም።

መድሃኒት ብካርድ ክንክን ጥዕና (Health Care Card)

መድሃኒት ብዘይ ካርድ ክንክን ጥዕና (Without Health Care Card)

## ሕክምና  ዓይኒ

ሓኪም ዓይኒ ኩነታት ጥዕና ዓይኒ ዝከታተሉ ኮይኖም፣ መነጸር ዓይኒ ዘድልየኩም እነተኮይኑ ዝውስኑ ሰብ ሞያ ጥዕና እዮም።  ኣብ ቀረባ ወይ ኣብ ርሑቕ ዘሎ ነገራት ብግቡእ ክትርእዩ ምስዘጸግም ምሉእ ናይ ዓይኒ መርመራ ክትገብሩ ኣለኩም። ናይ ዓይኒ መርመራ ክትገብሩ ካብ ሓፈሻዊ ሓኪም ዝውሰድ መወከሲ ደብዳቤ ኣይድልን'ዩ ክፍሊት'ውን ብመንገዲ መዲኬር እዩ ዝክፈል።

ነዚ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ክትረክብ ካርድ ክንክን ጥዕና ወይ ካርድ ጥሮታ የድልይኩም

Tigrinya

## ሰነ-ኣድምጾ

ክኢላታት ሰነ-ኣድምጾ ናይ ምስማዕ ጸገማት ንምፍላጥ ዝሕግዝ መርመራ ዘካይዱ ሰብ ማያ ጥዕና እዮም። ብመሰረቱ ናይ ኣድምጾ ጸገም ብወለዶ፡ ብማህረምቲ ኣዝኒ ወይውን ብክቱር ደምጺ ኹናትን ድምጺ ተተኾስቲ ምሳሪሒታትን ዝሰዕብ እዩ። ናይ ምድማጽ ወይ ምስማዕ ስክፍታ ምስዝህልወኩም ምስ ሓፈሻዊ ሓኪም ብምዝርራብ ናይ መወከሲ ወረቐት ናብ ክኢላ ሰነ-ኣድምጾ ከምዝጽሓፈልኩም ብምግባር ናይ ምስማዕ ኩነታት ጥዕናኩም ተመርመሩ።

## ፊዝዮ/ሰነ ምውስዋስ ኣካላት

ክኢላ ሰነ-ምውስዋስ ኣካላት (ፊዝዮተራፒስት) ናይ ምንቅስቓስን ቃንዛን ጥዕናዖ ጸገማት ዝፍውሱ ሰብ ሞያ ጥዕና'ዮም።ንቃንዛ ዝተፈላለዩ ክፋል-ኣካላት ብምውስዋስ ኣካላት ከምዝጎድልን ኣብ እዋን ጽኑዕ ምጉዳቲ ብምቅስቃስ ዝተፈላለዩ ኣካላት ንመጉዳእቲ ከምዝጽገን እገብሩ።

ናብ ክኢላ ሰነ-ምውስዋስ ኣካላት ብዘይ ናይ ሓኪም መወከሲ ወረቐት ክትከዱ እክኣል ግን ክፍሊት ካባኹም'ዩ እዩ

ናይ ምውስዋሰ ኣካላትን ቃንዛን ጸገማት ምስዝህልወኩም ምስ ሓፈሻዎ ሓኪም ብምላዛብ ኣብ ትሓቲ ውጥን ክንክን ጥዕና ንሓሙሽተ ክፋላት ብመዲኬር ዝኽፈል ኣገልግሎት ሰነ-ምውስዋስ ኣካላት ምርካብ እክእል።

## ክኢላ ሰነ-ኣመጋግባ

ክኢላ ሰነ-ኣመጋግባ ብዛዕባ ጥቑምን ግድኣትን ንምግባ መግቢ ክንፈልጥ ዝሕግዙና ሰብ ማያ ጥዕና'ዮም። ንኣብነት ሕማም ሽኮር ምስዝህልወኩም ናይ ሰነ-ኣመጋግባ ክኢላ እንታይ ዓይነት መግቢ እንትተመጊብኩም ዝበለጸ ጥዕናዊ ውጺኢት ከምትረኽቡ የማኽሩ። ምስ ዝስምዓኩም ሕማም ዘይቃዶ ዓይነት መግቢ ምስእትጥቀሙ ጎዳኢ ሰምዒት ብምኽታል ንመደበረ ጥዕና ከምትመላለሱ እገብር።

ናይ ኣመጋግባ ጸገማት ምስዝህልወኩም ምስ ሓፈሻዎ ሓኪም ብምላዛብ ኣብ ትሓቲ ውጥን ክንክን ጥዕና ንሓሙሽተ ክፋላት ብመዲኬር ዝኽፈል ኣገልግሎት ሰነ-ኣመጋግባ ምርካብ እክእል።

## ክኢላ ሕማም-ሽኮር

ክኢላታት ሕማም-ሽኮር ፍሉያት ሰብ-ሞያ ጥዕና ንምቁጽጻር ሕማም-ሽኮር ኢዮም። ምቁጽጻር ሕማም-ሽኮር ኣብ ኣመጋግባ፣ ምውስዋስ ኣካላት፣ ኣገባብ መነባብሮ፣ መድሃኒትን መዓልታዊ መርመራ ዓቐን ደምን ዝምርኮሰ ሰለዝኾነ ንምክትታሉ ኣዝዩ በዳሂ'ዩ። ካብዞም ዝስዕባ ኩነታት ጥዕና ምስዘጋጥምኹም ናብ ክኢላ ሕማም-ሽኮር ክክትርእዩ ኣለኩም።

- ኣብ ቀረባ እዋን ሕማም ሽኮር ከምዘለኩም ብምሕክምናዊ መርመራ ምስዝረጋገጽ
- ዓመታዊ መርመራ ሕማም ሽኮር ንምግባር
- ሕማም ሽኮር ካብ ንቡር ንላዕሊ ጥዕናዊ ጸገማት ምስዘስዕበልኩም
- ካብ ንቡረ ንላዕሊ ስምዒታዊ ጸቅጢ ምስዝስምዓኩም
- ዝተፈልየ ወይ ዘይልሙድ መድሃኒት ምስ ትጥቀሙ
- ካልእ ጥዕናዊ ጸገማት ንሕማም ሽኮር ብኣሉታ ክጸሉ ስለዝኽእል ንክኢላ ሕማም-ሽኮር ተውከሱ

ኣብ Ipswich Health Plaza 21 Bell street ብናጻን ብዘይቖጸራን ንክኢላ ሕማም-ሽኮር ክትበጽሑ ትክእሉ። ብተወሳኺ ሓፈሻዊ ሓኪምኩም ኣድላዪ ምስዝኸዊን ናብዚ ዝተጠቅሰ ማእከል ጥዕና ክውከስኹም እዮም። እዚ መድበር ጥዕና ምስ ማእከል ጥዕና ኢፕስዊች (Ipiswich Hospital) ዝራኸብ ብምዃኑ ኣብ'ቲ ሆስፒታል ክሳብ ዘለኹም ክኢላ ሕማም-ሽኮር መዓልታዊ ምክታታል ክገብርልኩም እዩም።

---

## ጥዕና ሰነ-መውስቦ

ምምሕዳር ኢፒስዊች ምስ ጾታዊ ርክብ ዝዛመዱ ሕማማት ንምክልኻል ማእከል ጥዕና ሰነ-መውስቦ ኣለዎ። እዚ ማእከል ጥዕና ምስ ጾታዊ ርክባት ዝዛመዱ ሕማማት ካም ብዓል ኤይድስ (HIV) ውይቦን (Hepatitis B and Hepatitis C) ንምክልኻል፣ ንምክትታል፣ ንምምሕድር ከገልክልኹም ዝኽእሉ ሐበሬታን ትምህርቲ እህብ። ብተወሳኺ በዞም ምስ ጾታዊ ርክብ ዝዛመዱ ሕዱራት ሕማማት ምስትልኩፉ፡ ማእከል ጥዕና ኢፒስዊች ነዞም ሕማማት ናብ ካልኦት ሰባት ከይዝርግሑ እከታተል።

**በዚ ዝስዕብ መወከሲ ንማእከል ጥዕና ሰነ-መውስቦ ኢፒስዊች ደዊልኩም ቆጸራ ሓዙ**
ተለፎን፡ 07 3817 2428
ኣድራሻ፡ Ipswich Health Plaza 21 Bell street Ipswich

## ኣማኻሪ ጥዕና ሰነ-ኣእምሮ

ኣማኸርቲ ጥዕና ሰነ-ኣእምሮ ንኣእምራዊ ጥዕናዊ ጸገም ዘለዎም ሰባት ጥራሕ ዘይኮነ ንኹሎም ዘሰንብድ፣ ዘጨንቕ፣ዝባሳጩ ኩነታት ዘጋጠሞም ሰባት ነቲ ዘጋጠሞም ነውጺ ንምትህድዳእ ኣብ ምሉእ ኣውስትራልያ ናይ ሰነ-ኣእምሮ ምኽሪ ዝህቡ ሰብ ሞያ ጥዕና እዮም። ንኣገልግሎት ጥዕና ሰነ-ኣእምሮ ንምርካብ እዚ ቀጺሉ ዝስዕብ ኣማራጺ ተጠቀሙ።

**ምምሕልላፍ ካብ ሓፈሻዊ ሓኪም፥** ሓፈሻዊ ሓኪም ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ፣ ንስሚዒትኩም ብአሉታ ዝጸሉ ኩነት ኣጋጢምኩም ከይከውን ድሕሪ ምውካስ፡ ኣድላዪ ምስዝኸውን ንዓሰርተ ክፍላት ዝቅጽል ውጥን ክንክን ጥዕና ንምርካብ ናብ ክኢላ ሰነ-ኣእምራዊ ጥዕና ከመሓላልፍኹም ዝኽኣል እዩ። እዚ ናብ ክኢላ ሰነ-ኣእምሮ ምትሕልላፍ ከከም ኣድላይነቱ ዓመታዊ ክደጋገም እክእል'ዩ። እቲ ንክንክን ሰነ-ኣእምራዊ ጥዕና ዝኽፈል ገንዘብ ካብ መንግስቲ ከፊላዊ ድጎማ ዝግበረሉ ኮይኑ ንዝተረፈ ገንዘብ (gap payment) ክትከፍልዎ ኢኹም።

**ሆስፒታል ኢፐስዊች፥** ኣብዚ ማእከል ጥዕና 1300642255 ብምድዋል ህጹጽ ናይ ኣእምራዊ ጽቕጢ ኣገልግሎት ምርካብ እክኣል። ኩነታት ኣእምራዊ ጥዕናኩም ኣብ ግምት ብምእታው፣ ብመንግስቲ ዝኽፈል (Medicare) ንመዓልታዊ ንኩነታት ኣእምራውዊ ጥዕና ዝከታተል/ላ ክኢላ ኣእምራዊ ጥዕና ክግበረልኩም እክኣል'ዩ።

QPASTT : ኣብ ኣውስትራልያ ከም ሰደተኛታት ኽንኩም እንተመጺእኩም፣ ንሰደታኛታት ዝውሃብ ምስ ስቃይን ስንባደን ዝተሓሓዝ ናጻ ናይ ሰነ-ኣእምራዊ ጥዕናዊ ኣገልግሎት ምርካብ እክኣል።

**ተወሰኪ ኣገልግሎት፥** ቢዮንዲ ብሉ (Beyound Blue) ዝብሃሉ ትካል ኣብ ኢንተርነት ናጻ ዘተ ምስ ክኢላ ኣማኻሪ ጥዕና ሰነ-ኣእምሮ ምግባር እክኣል።

**ነዚ QR ካድ ብምጅራብ (scan) ናብ ሰነ-ኣእምሮ ቢዮንዲ ብሉ (Beyound Blue) ማዕካን ሓበሪታ ተመርሑ**

# ኣገልግሎት ህጹጽ ረድኤት

### ኣገልግሎት ፖሊስ ኲንስላንድ QUEENSLAND POLICE SERVICE (QPS)

ፖሊስ ኲንስላንድ ኣብ ውሽጢ ኩለን ካባቢታት ክፍሊ ሃገር ኹንስላንድ ዝርከቡ ኮይኖም፣ ድሕነት ህዝቢ ዘውሕሱን ገበን ዝከላኸሉን እዮም። ንዝተፈጸሙ ገበን እከታተሉን ምስ ካልኦት ኣካልት መንግስቲ ብምትሕብባር ንገበኛታት ናብ ሕጊ ይቕርቡ።

**ኣበናይ እዋን ናይ ፖሊስ ኹንስላንድ ትድውሉ**

ኣብ እዋን ገበን፣ ቅድሚ ገበን ምፍጻሙ፥ ገበን ምስ ተፈጸመ ናብ ፖሊስ ኲንስላንድ ምድዋል እኽኣል። ስርቂ፣ ጎነጻዊ ተግባር፣ ገዛ ሰቢርካ ምእታው ገላ ካብ ከጋጥሙ ዝክእሉ ገበናት እዮም።

ነዚ QR ብምጅራብ (scan) ኣብ ኣውስትራልያ ብዛዕባ ገበን ተወስኺ ሓበሬታ ምርካብ እክእል

### ኣገልግሎት ኣምቡላንስ ኲንስላንድ QUEENSLAND AMBULANCE SERVICE (QAS)

ኣገልግሎት ኣምቡላንስ ኹንስላንድ እብ መላእ ክፍሊ-ሃገር ኹንስላንድ ዝርከብ ኮይኑ ንህጹጽን ዘይህጹጽን ኩነት ኣገልግሎት እህብ።


**ኣበይ እዋን ናይ ኣምቡላንስ ኹንስላንድ ትድውሉ**

• ንሂወት ወዲ-ሰብ ኣስጋኢ ዝኾነ ማህረምትን ጥዕናዊ ጸገማት ምስዘጋጥም። ንምሳሌ ቃጽሎ-ሓዊ፣ ሃንደበታዊ ድኻም፥ ብርቱ ቃንዛ ኣፍልቢ፣ መድመይቲ ምስዘጋጥም ናይ ኣገልግሎት ኣምቡላንስ ኲንስላንድ ደውሉ ። እንተኮነ ኣብ እዋን ንኡስ መግዳእቲን፣ ፈኺስ ሕማምን፣ መርዘን፣ ቁስሊ ጎረሮ ዝኣመሰሉ ኩነታት ንኣገልግሎት ኣምቡላንስ ኹንስላንድ ኣይትደውሉ። እዚ ምስዘጋጥም ገንዘባዊ መቕጻዕቲ ከስዓብ እክእል። እዚ ኩነታት ድሕሪ ስዓት 6 ናይ ምሸት ምስዝኸውን ቆጸረ ምስ ሓፈሻዊ ሓኪምኩም ብምሓዝ ኣገልግሎት ጥዕና ምርካብ እክኣል።

• እቲ ዘጋጠመ ናይ ህጹጽ ኩነት ንሂወት ኣስጋኢ እንተኾይኑ፥ ናይ ስይራን ምልክት መብራህቲ ዘለዋን ኣምቡላንስ ብቀጥታ ናብ ማእከል ጥዕና ሰለተምርሖ በቲ ናይ ስይራን ምልከት ሓደጋ ኣይትሰናበዱ።

ነዚ QR ብምጅራብ (scan) ብቪድዮ ዘተሰነየ ኣገባብ ኣጠቓቕማ ኣምቡላንስ ተመልከቱ

# ናይ ህጹጽ ረዲኤት ኣፕ EMERGENCY PLUS APP









ነዚ QR ብምጅራብ (scan) ንኣፕ ህጹጽ ረዲኤት ኣውርድዎ (download)

Click "Call / CALL" through the app and connect to **000**

ብመንገዲ እዛ ኣፕ ተጠቂምኩም ደውሉ። ነቲ ዝተቀበለኩም ኦፕሬተር ቋንቋኹም ብምጥቃስ ነይ ምትጓም ኣገልግሎት ሕተቱ




# ኣገባብ ቆጸራ ምስ ሓኪም

**ቆጸራ ብተለፎን**
ብተለፎን ቆጸራ ክትገብሩ እንተደሊኹም፡ ግን ናይ ቋንቋ ኢንግሊዘኛ ሕጽረት ምስዝህልወኩም፡ ናብ TIS National ድውሉ። ተቐባል/ሊት ጋሻ ምስተቐበልኹም ቀንዲ ትጥቀምሉ ቋንቋ ንገርዎም። ክሳብ ብቛንቛኹም ዝዛረቡ ሰብ-ሞያ ምትርጓም ዝርከቡ/ባ ኣብ ተለፎን ናይ ሙዚቃ ደምጺ ክትሰምዑ ኢኹም ሰለዚ ነቲ ተለፎን ኣይተቛርጽዎ። ንቛንቛኹም ዘተርጉም ሰብ-ሞያ ምትርጓም ምስተረኽበ፡ ነቲ ብዓል ሞያ-ምትጓም እንታይ ዓይነት ኣገልግሎት ወይ ምስ ኣየናይ ኣገልግሎት ዝህብ ትካል ክትዘራረቡ ከምእትደልዩ ኣነጺርኩም ሓብሩ። ቅድሚ ናብ TIS National ምድዋልኩም፡ ናይቲ እትድልይዎ ኣገልግሎት ዝህል ትካል ስም፡ ኣድራሻ፡ ቁጽሪ ተለፎን መዝግቡ።

ተቐባል/ሊት ተለፎንን ሰብ-ሞያ ምትርጓምን ብሕጊ ምስ ዓመዊሎም ኣብ ውልቃዊ ዝርርብ ክጽመዱ ሰለዝይፍቐድ፡ ነቲ ትደልዎ ኣገልግሎት ንክትረኽቡ እንተዘይኮይኑ ተወሳኺ ሓበሬታን ምሕጽንታን ክእንፍትልኩም ኣይትጸበዩ። እቶም ናይ ምትርጓም ኣገልግሎት ዝህብ ንተቐባል/ሊት ጋሻ TIS National እንታይ ዓይነት ኣገልግሎት ከምእትደልዩ ብምሕባር ብመንገዲ TIS National ንዓኹምን ነቲ ኣገልግሎት ምትርጓም ዝህብ ብዓል ሞያን ምስ እትደልይዎ ኣገልግሎት ዝህብ ትካል ንክትራኸቡ የሳልጡ።

በቲ ተደልይዎ ቛንቛ ኣገልግሎት ምትርጓም ዝህብ ሰብ-ማያ እንተዘይተረኽበ TIS National ጸኒሕኩም ክትድውሉ ክላበውኹም እዮም። ብዙሕ ቛንቛታት ትዛረቡ እንተኾንኩም በቲ ቀንዲ ቛንቛኩም ኣገልግሎት ምትርጓም ዝህብ ሰብ ምስዘይርከብ ብኻልእ ቛንቛ ፈትኑ።

## ቆጸራ ብኦንላያን - መተረ ጥዕና (HEALTH ENGINE)





ቆጸራ ብኦንላያን ወይ ኢንተርነት

ANDROID APP ON Google Play


Download on the App Store

ካብ Google pay ወይ App Store "health engine" ዝብል ኣፓ ኣውርዱOpen the app . . .

ነዚ ዝስዕብ ስእላዊ መግለጺ ተጠቂምኩም ሕሳብ ክፈቱ




First time only
Create an account





መጸውዒ


ካልኣይ ስም

ኢመይል

መፍትሕ


Click "Sign up"





ንሓኪምኩም ኣብዚ ኦንላይን ኣገልግሎት እንተሓዊስክሞ፡ ኣብኡ ሰለዝቕመጥ፡ ቆጸራ ክትገብሩ ምስተደልዩ ከይተሸገርኩም ክትረኽብዎ ትኽእሉ


ሕሳብ ምስኸፈትኩም
ነዚ ዝስዕብ መስርዕ
ተጠቀምኩም ቆጸራ
ሓዙ








ሓኪም ምረጹ

ዝጥዕመኩም ጊዜ
ምረጹ




ስኩም ጽሓፉ




መጸውዒ ስም


ካልኣይ ስም


ዕለተ ልደት

ቁጽሪ ተለፎን

ኢመይል

ኣድራሻ ጎደና







# ቆጸራ ብኦንሊያን - HOTDOC


ነዚ QR ብምጥዋቕ ካብ Google pay ወይ App Store “HOTDOC” ኣውርዱ

ANDROID APP ON Google Play

Download on the App Store





*Or type in **“hotdoc”** in your google play or app store and download the app.*





Click “install”


Open the app




Click “Log in”




Click “Account”
Then “ Create an account”





Type your Email


Make a password

Type the same password exactly the same as the first


Check the box then click continue




Search for the clinic you attend
**example**: “zplus”





Click “Book appointment”





To book for yourself click the first box


If you have added family members, their names will appear below. You must make appointments for the correct member of the family




If you are returning to the clinic you had your refugee health assessment at (recommended) you should click “returning patient”




Choose a date and time




To confirm the appointment you will need to click to continue

# እገልግሎት ሓኪም ገዛ HOME DOCTOR SERVICE


ሃንደበት እንተተጺሊኢኩም እሞ ሓፈሻዊ ሓኪም ዕጽው ምስዝኾውን፡ እቲ ኩነታት ሕማም ናይ ህጹጽ ሓደጋ ረዲኤት ዘይጠልብ እንተኮይኑ፡ ኣገልግሎት ሓኪም ገዛ ሕተቱ። እዚ ኣገልግሎት ጥዕና'ዚ ኣብ ናይ ስራሕ ምዓልታትን፡ ቀዳመ-ሰንበትን፡ ብዓላትን ካብ ሰዓት 6:00ድሕሪ ቀትሪ ክሳብ ሰዓት 7:00 ቅድሚ ቀትሪ ኣገልግሎት ጥዕና እህብ። ነዚ ኣገልግሎት ጥዕና በዚ ኣብ ታሕቲ ቀሪቡ ዘሎ ኣፕ (App) ምርካብ እክኣል። በዚ ኣፕ ምስትጥቀሙ፡ ሓኪምኩም ዝመጸሉ ጊዜ እቲ ኣፕ ክሕብረኩም'ዩ። እንተኾነ ግን ኩነታት ጥዕናኹም ናይ ህጽጹ ሓድጋ ረድኤት ዝጠልብ እንተኾይኑ ኣብ ማእከል ጥዕና ኢፕስዊች ክፍሊ ኣገልግሎት ህጹጽ ረዲኤት ተወከሱ።

## MAKING APPOINTMENTS - HOME DOCTOR


Scan the QR code to access "hello home doctor" website and download the app




*Or type in* ***"hello home doctor"*** *in your google play or app store and download the app. Open the app . . .*




Add new patient




መጸውዒ ሰም

ዕለተ ልደት

ኣድራሻ


ቅጽሪ ተለፎን

መዲኼር

Click *"REQUEST DOCTOR"*




Click *"Request a Doctor"*



# ሓገዝ ኣብ እዋን ቅልውላው

**ጥዕና ሰነ-ኣእምሮን ርእሰ-ቅትለትን**

**እከል ጥዕና ኢፒስዊች** (Ipswich Hospital): ኣብ እዋን ቅልውላው ናብ ማእከል ጥዕና ኢፒስዊች ክፍሊ ኣገልግሎት ህጹጽ ሓደጋ ወይ'ውን 1300642255 ብምድዋል ናይ ስምዒታዊ ጸቅጥን ጥዕናዊ ኣገልግሎት ምርካብ ይከኣል። ኹነታት ጥዕናኩም ኣብ ግምት ብምእታው ንሽድሽተ ወርሒ ዝቅጽል ብመዲኬር (Medicare) ዝምወል; ንምዓልታዊ ኩነታት ጥዕናኹም ዝከታተሉ ናይ ሰኒ-ኣእምሮ ሰብ-ሞያ ጥዕና ሓገዝ ክግበረልኩም ይከኣል።

**ሓገዝ ብኢንተርነት** (Online support): ብዮንዲ ብሉ (Beyond blue) ዝተብህለ ትካል ቅጽበታዊ ንኹነታት ጥዕና ስምዒታዊ ጭንቀት ዝምልከት ምኽሪ እህብ።

ነዚ ኣገልግሎት ምስትደልዩ ነዚ QR ኮድ ጀርቡ

**ዘቤታዊ ዓመጽ**

ዘቤታውን ስድራቤትውን ዓመጽ ጎነጽ ዝተሓወሶ ባህርያት ኮይኑ፣ ንኮልኦት ሰበት ብሓይሊ ወይ በስገዳድ ክትቖጻጸር ምፍታን ማለት'ዩ። ንኣብነት ነዞም ዝስዕቡ ምጥቓስ እክኣል።

- ኣካላዊ ዓመጽ፣ ምሕሳም መግብን ድቃስን
- ኣፋዊ ዓመጽ፡ ግቡእ ዘይኮነ ተዳጋጋሚ ሰም ምጽዋዕን ምዝንጣልን
- ገንዘባዊ ዓመጽ፡ ስራሕ ምዕንቃጽ፣ ገንዘብ ከይትጥቀመሉ ምኽላእን ብሰም ሰብ ልቃሕ ምውህላልን
- ማሕበራዊ ዓምጽ፡ ምስመን ግዜኩም ከምትሕልፍ ምዕቃንን ምስ ዝደለኹሞ ሰብ ንእትራኸብሉ ጊዜ ምጉዳልን

ነዚኣቶም ዝአመሰሉ ዓመጽ ምስዘጋጥምኹም ናብ ዲቪ ኮነክት (DV connect) ብምድዋል ሓገዝ ምርካብ እክኣል። ዲቪ ኮነክት (DV connect) ብተለፎን ምክሪ ምሃብን፣ ምስ ውሃብቲ ኣገልግሎት ጥዕና ምርኻብን፣ ናይ ውሕስና ውጥን ናይ ምድላው ኣገልግሎት ዝህብ ትካል'ዩ

| Women's Hotline | Men's Hotline | Sexual Assault Hotline |
|---|---|---|
| 1800 811 811 | 1800 600 636 | 1800 010 120 |
| 24 hours a day | 9am – midnight | 07:30am – 11:30pm |
| 7 days a week | 7 days a week | 7 days a week |

DV connect can support you with over the phone counselling, link you with support services and assist you to develop a safety plan.

ነዚ ዝምልኸት ተወሳኺ ሓበሬታ ነዚ QR ኮድ ተጠቀሙ

# ግብእን ሓላፍነትን ውሃብቲ ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ ኣውስትራልይ

ኣብ ኣውስትራልያ ኩለን ውሃብቲ ኣገልግሎት ጥዕና ንኣገልግሎት ጥዕና ዝምልኸት ከማልእኦን ክኽተልኦን ዘለዎን ሕጋጋት ኣሎ። እዞም ዝተፈላለዩ ሕጋጋት ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ ኣውስትራልያ መሰል እምበር ግንያ ከይምዘይኮነ የረጋግጽ። ከምኡ'ውን ኣብ ኣውስትራልያ ኩሉ ሰብ ብዘይ ኣድልዎ ኣገልግሎት ጥዕና መታን ክረክብ ዝሕግዙ ብዙሓት ሕጋጋትን ዶክመንትታትን ኣለዉ። ኣውስትራልያ ብዙሕነት-ባህልን ሃይማኖትን ዘካተተት ሃገረ ሰለዝኾነት፣ እቲ ንኣገልግሎት ውሃብቲ ጥዕና ዝቐይድ ሕጋጋት ነዚ ሓቂ'ዚ ዘንጻባርቕ'ዩ።

## What can you expect from health care in Australia?

**ኣኻእሎ**
ንኩነታት ጥዕናኩም ንምክንኻን፣ ኣገልግሎት ጥዕና ክትረኽቡ መሰልኩም'ዩ

**ውሕስና**
ውሑስ ኣገልግሎት ጥዕና ክትረኽቡ መሰልኩም'ዩ። እዚ ማለት ኩሎም ውሃብቲ ኣገልግሎት ጥዕና ብግቡእ ዝሰልጠኑ ሰብ-ሞያ ክኾኑ ኣለዎም።

**ኣኽብሮት**
ንኩነታት ጥዕናኩም ንምክንኻን፣ ኣገልግሎት ጥዕና ክትረኽቡ መሰልኩም'ዩ

**ርክባት**
ዝተማልኣ ኣገልግሎት ጥዕና ንምርካብ፡ ብዝመረጽክሞ ቛንቛ ክትረዳድኡ መሰልኩም'ዩ። እዚ ማለት ኣብ ኩለን ኣገልግሎት ጥዕና ዝህባ ትካላት፣ ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ ዝህባኹም እዋን ናይ ምትጓም ኣገልግሎት ክትረኽቡ መሰልኩም'ዩ

**ሱታፌ**
ቅድሚ ዝኾነ ዓይነት ኣገልግሎት ጥዕና ምርካብኩም ዝተሓበረ ፍቓድ የድሊ። ብዛዕባ ጥዕናኹምን ዝግበረልኩም ኣገባብ ክንክን ጥዕና መግለጺ ክውሃበኩም መስልኩም'ዩ። ኣብ ኩሉ ንጥዕናኹም ዝምልከት ግቡእ ዝኾነ ሱታፌ ክህልወኩምን ዝመሰለኩም ውሳኔ ክትወስዱ መሰልኩም'ዩ

**ሚስጢራውነት/ስትረት**
ናይ ግልኹም ሓበሬታ ብሚስጢርን ውልቃዊ ኩነትን ክትሓዘ መሰልኩም'ዩ። ውሃብቲ ኣገልግሎት ጥዕናን ሰብ-ማያ ጥዕናን ንግላዊ ሓበሬታ ብዘይ ፍቓድኩም ንዝኾነ ወልቀ-ሰብ ወይ ትኻል ከመሓላልፉ ኣይፍቀድን'ዩ። ብፍቓድኩም ንግላዊ ሓበሬታ ንእትደልዎም ወልቀ-ሰባትን ትካላትን ጥራሕ'ዩ ዝመሓላለፈ። ኣብ ዝኾነ እዋን ነቲ ዝሓቶኹሞ ሓበሬታ ናይ ምምሕልላፍ ፍቓድ ክትስርዝዎ እኽኣል።

**ርኢቶ**
ግቡእ ኣገልግሎት ጥዕና ክግበረልኩም ወይ ግቡእ ኣገልግሎት ጥዕና እንተዘተጌርልኩም ክትሓቱን ርኢቶ ክትህቡን መሰልኩም'ዩ። ዝግባእ ኣገልግሎት ጥዕና እንተ ዘይረኺብኩም ጥርዓን ከተቕርቡ እኽኣል። ኣቤቱታ ሰለዘቕረብኩም ኣብ ርእሲ ብዓል ሞያ-ጥዕና ዝውሰድ ስጉምቲ የሎን። ከም'ውን ሰለርኢቶኹም ዝግብኣኹም ክንክን ጥዕና ኣይንፈገልኩምን'ዩ። ምክንያቱ ጥርዓን ዝግበረ ንምምሕያሽ ጥዕናዊ ኣገልግሎት ሰለዝኾነ።

**ተወሳኺ ሓበሬታ**
ንተወሳኺ ሓበሬታ ናብዚ መርብብ ሓበሬታ ኣምርሑ
www.safetyandquality.gov.au



Tigrinya

# ኣገልግሎት ጽሑፍን ዘረባን ምትጓም

### መን'ዩም ኣተርጎምቲ፡

ኣተርጎምቲ ዝበሃሉ ክልተ ውይ ካብኡ ንላዕሊ ቛንቛታት ዝመልኩ፡ ዝልዓለ ናይ ምትርጓም ኣገልግሎት ንምሃብ ናይ ምትርጓም ክእለት ገምጋም ዝተገብረሎም ሰብ-ሞያ እዮም። ኣተርጎምቲ ነቲ ዘተርጎምዎ ጉዳይ ናይ ካልእ ሰብ ምሉእ ብምልኡ ብምስጢር ናይ ምዕቃብ ሕጋዊ ግዴታ ኣለዎም። ነቶም ዝተመደባልኩ ኣተርጓሚቲ ብኣካል ትፈልጥዎም እንተኾንኩም፣ ካልኦት ዘተርጉምልኩም ሰብ-ሞያ ምትርጓም ክትጠልቡ መሰልኩም'ዩ። ተኣፋፊ ዝኾነ ጉዳይ ምስዝህልወኩም፣ ብጉዳይ ኩነታት ጥዕናኹም ምስ ሓኪምኩም ናጻ ኮንኩም ክትዛራረቡ፣ ዘይትፈልጥዎም ካብ ካልእ ክፍሊ-ሃገር ዘተርጉምልኩም ሰብ-ሞያ ምትርጓም ምሕታት ዝእክኣል'ዩ።

### እንታይ'ዩ ቲ.ኢ.ይ.ኤስ (TIS):

ቲ.ኢ.ይ.ኤስ ንኹሎም ቛንቛ ኣንግሊዝ ዘይዛረቡ ኣባላት ሕብረተ-ሰብ ናይ ምትርጓም ኣገልግሎትን ዝህብ ትካል'ዩ።

### ንቲ.ኢ.ይ.ኤስ ኣቤናይ እዋን ትጥቀምሉ፡

ቲ.ኢ.ይ.ኤስ ናሽናል (TIS National) ሰሙናዊ ኩሉ ምዓልቲ ናይ 24 ስዓት ኣገልግሎት እህብ። ዝተፈልየ ኣገልግሎት ምስ እትደልዩ፣ ህዝባዊ ኣገልግሎት ዝውሃበሉ ስዓታት ሰለዝቀያየር፣ ኣቐዲምኩም ነቲ እተድልይዎ ኣገልግሎት ዝውሃበሉ ስዓታት ተገንዘቡ።

### ብመንገዲ ቲ.ኢ.ይ.ኤስ ናሽናል ንመን ምርካብ እክኣል፡

ኩሎም ህዝባዊ ኣገልግሎት ዝህቡ መንግስታውያን ትካላትን ውሃብቲ ኣገልግሎት ጥዕናን ንኹሎም ዝተፈልየ ባህልን ቛንቛን ዘለዎም ኣባላት ሕብረተ-ሰብ ማለት ንኩሎም ዓማዊሎምን ሕሙማትን ናይ ምትርጓም ኣገልግሎት ክህቡ ሕጋዊ ግዴታ ኣለዎም። ንኣብነት ገለ ካብቶም ናይ ምትርጓም ኣገልግሎት ክህቡ ሕጋዊ ግዴታ ዘለዎም ትካላት

- ፌድራላውን ካባብያውን መንግስታውያን ትካላት ከም ብዓል ሰንተርሊንክን መዲኼርን
- ሰብ ሞያ ውሃብቲ ሕክምናውን ጥዕናውን ኣገልግሎት
- ፋርማቻኛታት (ክኢላ ሰነ-መድሃኒት)
- ውሃብቲ ኣገልግሎት ህጹጽ ረዲኤት

ሰብ-ሞያ ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና፣ ኣገልግሎት ኣብዝህብሉ እዋን ናይ ምትርጓም ኣገልግሎት ምስዘጥቀሙ፡ ናይ ምትርጓም ኣገልግሎት ሕተቱ። ነቲ ዝሓተትክሞ ናይ ምትርጓም ኣገልግሎት ምስዘይፍቀደልኩም ብመንገዲ ቲ.ኢ.ይ.ኤስ ናሽናል ናይ ጥርዓን ስምዕታ ከተቕርቡ ኣለኩም።

25 ብምንገዲ ቲ.ኢ.ይ.ኤስ ናሽናል ናይ ተለፎን ቆጸራ ክትገብሩ እንተደሊኹም ነዚ QR ኮዲ  ተጠቀሙ ተጠቀሙ

# መዲኬር MEDICARE




መዲኬር ኣብ ኣውስትራልያ ኣድማሳዊ ኣገባብ ክንክን ጥዕና እዩ። ኣባል መዲኬር ትኮንሉ ኣገባብ ኣብ ኣንፈትዊ (orientation) መስራሕ ምጥያስኩን ንኣውስትራልያ ክሕበረኩም'ዩ። ከምኡ'ውን ንጉዳይኩም ዝከታተል ሰብ-ሞያ ነዚ ንምግባር ክሕግዙኹም እዮም። ኣባላት መዲኬር ምስኮንኩም፡ መብዛሕቶም ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ብናጻ ወይ ብዝሓሰረ ዋጋ ምርካብ እክኣል።

**መዲኬር ነዞም ዝስዕቡ ሕክምናዊ ኣገልግሎት የጠቓልል**

- ጥዕናዊ መራመራታት ካም ኤክስረይን ምርመራ ደምን
- ኣብ ህዝባዊ ማእከላት ጥዕና ዝግበር ጥዕናዊ መትባሕቲ
- ናይ ዓይኒ ሕክምና

ኣስተውዕሉ ዋጋ ሕክምና ብመንገዲ መዲኬር ዘይሽፈን ምስዝኸውን፥ ንወጻኢታት ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ዝምልከት ውሃብቲ ኣገልግሎት ጥዕና ክሕብርኩምን ከማኽሩኹምን እግባእ።

**ንተውሳኺ ሓበሬታ ናብ መርበብ ሓበሬት መዲኬር ብጽሑ**

# ካርድ ክንክን ጥዕና HEALTH CARE CARD

**ብቕዓት**

- ተቐመጥቲ ኣውስትራልያ ምስትኾኑ
- ናይ ሰንተርሊንክ ክፍሊት ትወስዱ እንተኾንኩም




እቲ ዝውሃበኩም ካርድ ክንክን ጥዕና ንሓደ ዓመት'ዩ ዘገልግል። ንዝቕጽል ዓመት ነቲ ኣገልገልት ብቑዓት ሚስትኾኑ፡ ካርድ ክንክን ጥዕና ብመንግስቲ ክሰደደልኩም'ዩ።

**እዚ ካርድ'ዚ ነዚ ዝስዕብ ኣገልግሎት ጥዕና ንኽትረኽቡ እሕግዝ**

- ዝተደጎመ መድሃኒት ንምዕዳግ
- ህዝባዊ ኣገልግሎት ሕክምና ሰኒ
- መርመራ ጥዕና ሰነ-ኣድምጾ
- ብሕታዊ ክፍሊት (ክሊኒክ ሓፈሻዊ ሕኪም ዝጥቀምሉ ጃምላዊ ክፍሊት)
- ዝተደጎመ ናይ መንቀሳቐሲ መሳሪሕታት ክትዕድጉ እንተደሊኹም

**ንተውሳኺ ሓበሬታ ናብ መርበብ ሓበሬት ካርድ ክንክን ጥዕና ብጽሑ**

# ርእይቶ ምሃብ

ኣብ ኣውስትራልያ ኣውንታውን ኣሉታውን ርእይቶ ምሃብ ቅቡል'ዩ። እትቸርብዎ ኣውንታውን ኣሉታውን ርእይቶ፡ ስንራሕ ወሃብቲ ኣገልግሎት ጥዕና ኣይጸሉን'ዩ። ከምኡ'ውን ብሰንኪ ዝሁብክሞ ርእይቶ ሕማቅ ኣገልግሎት ጥዕና ክግበረልኩም'ዩ ማለት ኣይኮነን። ዕላማ ርእይቶ ምሃብ ኩሉ ሰብ ዝተማልኣን ዝበለጸን ኣገልግሎት ጥዕና ክረክብ ዝሕግዝ መስርሕ እዩ።

**ኣገባብ ኣወሃህባ ርእይቶ**

- ኩለን ውሃብቲ ህዝባዊ ኣገልግሎት ብተለፎን ወይ ብኢንተርነት ርእይቶ ምሃብ እክኣል።
- ኣብ መርበብ ሓበሬታ ውሃብቲ ህዝባዊ ኣገልግሎት ኢመይልን ቁጽሪ ተለፎን ምርካብ እክኣል።
- ንተቐባል/ሊት ጋሻ ወይ ሰነ-ሞያ ውሃብቲ ኣገልግሎት ጥርዓን ከተቅርቡ ከምእትደልዩ ብምሕባር ጥርዓንኩም ኣቕርቡ።

**MEDICARE**

**Online Form** - scan QR code on left

**Phone:** 1800 132 468

**Write to:** Centrelink and Medicare
DHS Complaints and Feedback
Reply Paid 7800
Canberra BC ACT 2610

**QUEENSLAND PUBLIC HOSPITALS AND STAFF**

**Email:** co_complaints@health.qld.gov.au

## RYAN’S RULE (ሕጊ ራይን)

ኩነታት ጥዕናኹም ወይ ኩነታት ጥዕና ቤተሰብኩም እናገደደ ምስዝኸይድ እሞ ከምኡ ክከውን ካብ ትጽቢትኩም ወጻኢ እንተኮይኑ፡ ነዚ ዝስዕብ ሕጊ ራይን ኣንጥፍዎ። “Ryan’s Rule”

### STEP 1

ብዛዕባቲ እናገደደ ዝከይድ ዘሎ ኩነታት ጥዕናኹምን ጥዕና ቤተሰብኩምን ንነርስ ወይ ንሓኪም ገለጽሎም፡

በቲ ዝተዋህበኩም ገብረመልሲ እንተዘይዓጊብኩም ናብ ካልእይ ጀረጃ ስገሩ።

### STEP 2

ነቲ ዘጋጠመኩም ዘይንቡር ኣገልግሎት ጥዕና ምስ ሓለቓ ነርስ ኣብቲ ዘለኽሞ ክፍሊ ቅሬታኹም ገለጹ።

ብዝተዋህበኩም ገብረመልሲ እንተዘዓገብኩም ናብ ሰልሳይ ጀረጃ ስገሩ።

### STEP 3

ብቁጽሪ ተለፎን 134325 ደዊልኩም ነዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ኣመዝግቡ

- ስም ማእከል ጥዕና
- ስም ተሓካሚ/ሚት
- ክፍልን ቁጽሪ ዓራትን
- ቁጽሪ ተለፎንኩም

እዚ ምስትገብሩ ንመስርሕ ግምገማ ዝተገብረኩም ክንክን ጥዕና ብሓኪም ወይ ነርስ ተገምጊሙ ዝግብኣኩም ኣገልግሎት ጥዕና ንክትረኽቡ ዝሕገዝ መስርሕ እዩ።

**(Note: Ryan’s rule is not for general complaints)**

These methods of feedback are to be used when negotiating directly with the services (Doctor, Case Manager, Centrelink Service Representative) has not been successful.

**More information on Ryan’s rule ....**

# ባህላውያን ልምድታት

### ቆጸራ

ኣብ ኣውስትራልያ ናይ ሕክምና ቆጸራ ብጥብቂ'ዩ ምክትታል ዝግበረሉ። ኣብ ቆጸራ እንተደንጕኹም ክሳብ ክፉት ቦት ዝርከብ ንነዊሕ እዋን ክትጽበዩ ወይ'ውን ካልእ ምዓልቲ ንክትምለሱ ክሕበረኩም'ዩ። ገለ-ገለ ማእከላት ጥዕና ንሰለስተ ጊዜ ዕደል ድሕሪ ምሃብ ተወሳኺ ቆጸራ ከይትሓዝኡ ክእግዳኹም እየን። ገለ-ገል ማእከላት ጥዕና ኣሰያ ናይቲ ዘሕለፍክሞ ቆጽራ ናይ ክፍሊት መቅጻዕቲ ክብይናልኩም ዝክኣል'ዩ
ኣብ ቦታ ቆጸራ እንተውሓድ 15 ደቂቅ ኣቀዲምኩም ክትመጹ ዝሓሸ እዩ። ሳሕቲ ኣብ ዝተወሰና መደበር ጥዕና ኣብ ጊዜ ሓደጋ ብዘይ ቆጸራ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ምርካብ እክኣል'ዩ። ሓኪም ንሓደ ኣጋጣሚ ብዘይ ቆጽራ ክትርኣዩ እንተኣፍቂድልኩም፡ ንኩሉ ጊዜ ከይምቅጸል ኣብ ግምት ብምእታው ቆጻራ ክትሕዙ የድልየኩም።

### ኣካላዊ ምትንኻፍ

ኣብ ኣውስትራልያ ንሰብ ሞያ ጥዕና ብኢድ ሰላም ምባል ልሙድ ኣይኮነን። ከም ውጽኢት ናይ ዝተኻየደ ዓውደ-መጽናዕቲ ብኢድ ሰላም ምባል ሓዳ ካብቶም ቀንዲ ምኽንያት ረኽሲ ወይ ለበዳ እዩ። ከምሰዕቤኑ መብዛሕትኡ ጊዜ ሰብ-ሞያ ጥዕና ኢዶም ኣብ ማይ ወይ ኣልካል ብቐጻሊ ዝሕጸቡ  ዝርግሓ ለባዳ/ረኽሲ ንምክልኻል እዩ።

ደቀኣንስትዮ ናይ መውስቦ ኣካላትክን ብወዲ-ተባዕተይ ሓኪም ዝምርመር እንተኮይኑ መሰነይታ ዝኾናኽን ደቀ-ኣንስትዮ ክትሓታ እክኣል። ኣብ መብዛሕትኣን ማእከላት ጥዕና ደቀ-ኣንስትዮን ደቂ-ተባዕተይ ሰብ-ሞያ ጥዕና ኣለዉ። ኣድላዪ ምስዝኸውን ማለት ብሰንኪ ባህላውን ሃይማኖታውን ልምድታት ደቂ-ኣንስትዮ ወይ ደቂ-ተባዕትዮ ሰብ-ሞያ ጥዕና መሪጽኩም ምጥላብ እክኣል። ሰብ-ሞያ ጥዕና ደቂ-ኣንስትዮ ብቐሊሉ ሰለዘይርከባ ኣድልዩ ምዝኸውን ኣቐዲምኩም ቆጽራ ሓዙ።

### ምሕላቕ

ኣብ ኣውስትራልያ ሰብ-ሞያ ጥዕና ብዛዕባ ዝግብኣኩም ክንክን ጥዕና ምኽሪ ክሁብኹምን ናይ ዝምልከተኩም ዘበለ ክንክን ጥዕና ጥቅምን ጉድኣትን ገሊጾም ከረድእኹም እዮም። እንተኮነ ግን ምስ ኩነታት መነባብሮኹምን ዕላማ ጥዕናኹምን ዝሳነ ክንክን ጥዕና ባዕልኹም ኢኹም ክትውስኑ ዝግብኣኩም። ንዘይበርሃልኩም ነገራት ብምሕታት ብዛዕባ ኩነታት ጥዕናኹም ርድኢትኩም ከተስፍሑ እንተክኢልኩም፡ ንኩነታት ጥዕና ሰድረቤትኩም ዘገልግል ክንክን ጥዕና ምጥባቕ ክትክእሉ ኢኹም። .

### ርክባት

ኣውስትራልያ ብዙሕነት ህዝብታትን ባህልታትን ዝርከብዋ ሃገር ሰለዝኾነት ብዙሓት ሰባት ካብ ናይ ኣውስትራልያ ፍልይ ዝበለ ምስልን ኣካላዊ ባህርን ኣለዎም። ውሃብቲ ኣገልግሎት ጥዕናን ሰብ-ሞያ ጥዕናን ኣገልግሎት ምትርጓም ከምዘድልየኩም ክግምቱ ሰለዘጸግም፡ ናይ ቛንቛ ምትርጓም ዘድልየኩም እንተኾይኑ ንሰብ ሞያ-ጥዕና ብኣግኡ ሓብሩ።

### ፍቓድ ምሃብ

ብናይ ኣውስትራልያ ሕጊ ኩሎም ኣብ ዓቕሚ-ኣዳም ዝበጽሑ፡ ንዝምልኸቶ ኣካል ንኽንክን ጥዕና ዝምልከት ፍቓድ ክህቡ ኣለዎም። ብሰንኪ ባህላዊ ኩነታት ኣብ ክንዳካ/ኪ ንኽንክን ጥዕኻ/ኺ ብዓልቲ- ቤትካ ወይ ብዓል-ቤትኪ ፍቓድ ምሃብ ዝጠልብ እንተኾይኑ ኣቐዲምካ/ኪ ንሓኪም ሓብሩ። ንትሕቲ ዓሰርተ ሾሞንተ ዝዕድምኦም ህጻናትን መንእሰያትን ንኽንክን ጥዕና ዝምልከት ፍቓድ ምሃብ ኣድላዪ ምስዝኾውን ካብ ወለዲ ሓደ ንኽንክን ጥዕና  ፍቓድ ምሃብ እክኣል።

# ብተደጋጋሚ ዝልዓሉ ሕቶታት

### 1. ኣብ ቦታ ቆጽራ ምኻድ ኣጻጋሚ ምስዝኸውን እንታይ ክትገብሩ እግብኣኩም

እዚ ጸገም ምስዘጋጥመኹም ንጉዳይ ሰደተኛታት ዝከታተል/ላ ጽሓፍቲ ክትሕብርዎም ኣለኩም ምኽንያቱ ኣብ ብህዝባዎ ምጉዓዝያ ተጠቒምኩም ኣብ ቦታ ቆጸራ ክትበጽሑ ዝሕግዝ ምክሪ ክህብኹም እዮም። ኣብ ቆጸራ ከምዘይትርክቡ ከይሓበርኩም እንተተረፍኩም፡ ካልኣይ ጊዜ ቆጸራ ክትገብሩ ኣሸጋሪ እኸውን።

### 2. ብቐጥታ ማለት ብዘይቆጸራ ሓኪም ክርኣ እክእል’ዶ?

ገለ-ገለ ማእከላት ጥዕና ብዘይቆጸራ ሓኪም ክትርኣዩ የፍቅዳ እየን ብፍልይ ኣብ እዋን ህጹጽ ኩነታትን ሓደጋን። እንተኾነ ሓኪም ክትርኣይሉ ኣብ ዝደሊኹም ጊዜ ኩምኡ ዓይነት ግንዖ ክትርኽቡ ሰለዝይክኣል ኣቐዲምኩም ቆጸራ ምሓዝ ከድልየኩም እዩ።

### 3. ኣብ ኣውስትራልያ ካብ ዝኣተኹሉ ጀሚሩ ሓኪም ንፈሉይ ክኢላ ጥዕና ተወኪሱኑ ከብቕዕ ክሳብ ሕጂ ግን ኣብ ፍሉይ ክኢላ ጥዕና ሓኪም ኣይቀረብኩን።

ንኩነታት ጥዕናኩም ብዝምልከት ካብ ሓፈሻዊ ሓኪም መወከሲ ወረቐት ናብ ፍሉይ ክኢላ ሕክምና ምስተሰደልኩም፡ ብርክትዝበሉ ሰብ-ሞያ ጥዕና ንኩነታት ጥዕናኩም ብምግምጋም ካብ 1-5 ጉጅለ ብምምዳብ ከከም ኣድላይነቱ ናብ ፍሉይ ክኢላ ሕክምና ከምትቐርቡ እገብሩ። እዚ መስርሕ እዚ ክሳብ 90 ምዓልታት ዝወስድ ኮይኑ ኣብ መወዳእታ ናይዚ መስርሕ ብደብዳቤ ምኣስ ኣብ ፍሉይ ክኢላ ሕክምና ከምትቐርቡ ክንገረኩም እዩ። ብዙሓት በዚ ኣብ ኣውስትራልያ ዘሎ ህዝባዊ ሕክምና ሰለዝጥቀሙ እቲ ትጽቢት ዝነውሔ ክኸውን ዝክእል’ዩ።

ንቆጸራ ምስ ፍሉይ ክኢላ ሕክምና እናተጸቤኹም ምስ ሓኪምኩም ብዛዕባ ኩነታት ጥዕናኩምን ቆጽራ ፍሉይ ክኢላ ሕክምና ትርኣይሉን ተመያየጡ። ኩነታት ጥዕናኹም እናኸፍኣን ንምዓልታዊ ንጥፈታትኩም ብኣሉታ ዝጸሉን ምስዝኸውን ብዛዕባ ዝስምዓኩም ኩነታት ጥዕና ንሓፈሻዊ ሓኪም ተወከሱ።

### 4. ብሰንኪ ምድንጓይ ክታባት ደቅኹም ካብ ሰንተርሊንክ ዝውሰድ ክፍሊትኩም እንተተቛርጹ እንታይ ምግባር እክኣል።

ቆጸራ ብምግባር ነቲ ካብ ሰንተርሊንክ ዝተሰደልኩም ደብዳቤ ናብ ሓፈሻዊ ሓኪምኩም ወሰድዎ። ሓኪምኩም ናይ ሰድራቤትኩም ኩነታት ክታበት ብምግንዛብ ዘድሊ እንተኮይኑ ንደቅኹም ከምዝኽተቡ ክእዝዝሎም እዮም።

### 5. ንምንታይ ናብ ብዙሓት ቆጸራ ክንክን ጥዕና ክመላለስ የድልየኒ

ከም ክፋል መስርሕ ንኣውስራልያ ምጥያስኩም ዝተማልኣ ገምጋምን ክንክንን ኩነታት ጥዕናኩምን ክትገብሩ ኣገዳሲ’ዩ። መብዛሕትኦም ናብ ኣውስትራልያ ዝመጹ ሰደተኛታት ካብ ኣገልግሎት ጥዕና ዝውሓደን ሃገራት ሰለዝመጹ፡ ነዚ ከም ክፋል መስርሕ ንኣውስራልያ ምትያስኩም ዝግበር ዝተማልኣ ጥዕናዊ ገምጋምን ክንክንን ጥዕና ዝመልኦ ሂወት ክህልወኩም እሕግዝ። ሰለዚ እዚ ትግብርዎ ዝተማልኣ ገምጋምን ክንክንን ኩነታት ጥዕናኩምን ዝተማልኣ ኩነታት ጥዕና ከምዘለኩም ንምፍላጥ ዝሕግዝ’ዩ።

### 6. ሰለምንታይ ብዛዕባ ኩነታት ጥዕና ሰነ-እእምሮ ዝሕተት

ሓደ ከብ መገምገሚ ናይ ሰድተኛ ቦታ ክውሃብኩም ዝሕግዝ ንብዙሓት ዘሰንብዱን ዘጨንቑን ኩንታት ተቓሊዕኩም ሰለዝነበርኩም እዩ። ኣብ ኣውስትራልያ ኩነታት ጥዕና ሰነ-ኣእምሮ ክብሃል ከሎ፡ ንሕማም ሰነ-ኣእምሮ ጥራሕ ዘይኮነ ንስሚዒታዊ ኩነታት ጥዕናኩም’ውን ዝትንክፍ’ዩ። ሓደ ውልቀሰብ ልዑል ዝኾነ ስምዒታት ጸቕጢ፡ መጉዳእቲ፡ ማህረምትን ምስዘጋጥሞ፡ ንሓንጎል ብምትንካፍ ንኩነታት ድቃስ፡ ኣመጋግባ፡ ሰምዒትን ባህርያትን ብኣሉታ እጸልዎ ። እምብኣር እቲ ዝግበረልኩም ናይ ሰነ-ኣእምሮ ክንክን ከም ብዓል QPASTT ናብ ዝኸፍኣ ናይ ሰነ-ኣእምሮ ጸገማት ማለት ጽቅጢን ጭንቐትን ካብ ምምዕባል እከላኸለልኩም። ከምኡውን ነቶም ጽቅጢን ጭንቐትን ዝሰምዖም ሰባት ነዚ ኩነታት ክቆጻጸርርሉ ዝኽእሉ ናይ ምኽሪ ሓገዝ እህብ።

Tigrinya